ብዘየገድስ ናይ ሰራሕተኛታት ናይ ኢሚግረሽን ኩነታቶም እዞም ሕግታት ንሰራሕተኛታት ይከላኸሉ። ሸፈነ ዘለዎም ኣሰራሕቲ ምስ እዞም ሕግታት ክምእዘዙ ይግባእ። ሕነ ምፍዳይ ክልኩል እዩ።

**ኣብ ተግባር ዝውዕለሉ ዕለታት ይፈላለ፡ ካብ 1 ሓምለ 2020 ይጅምር**

ተልእኾ ናይ ቤት-ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ (Office of Labor Standards (OLS)) ምምዕባል ደረጃታት ዕዮ ብመንገዲ ዝተማህረ ኮምን ኣብ ንግዲ ብምጽማድን፡ ናይ ምምሃዝ ፖሊሲ ብምምዕባል ንውድድርን ማሕበራዊ ፍትሕን ምውፋይ።

እዚ ፖስተር ኣብ ቦታ ስራሕ ብእንግሊዝን ብሰራሕተናታት ዝዛረብዎም ቋንቋ ወይ ቋንቋታት ኣብ ዝረአ ቦታ ክስቀል ይግባእ። ቤ/ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ናይ ቋንቋ ምብራህን ምትርጓምን ከምኡ'ውን ንሰንኩላን መጣጥሒ የቕርብ።

# ንሰራሕተኛታት ተደጋገፍቲ ትካላት ሆቴል ሓበሬታ ናይ መሰላት 2021

## እዚ ንዓኻ ይምልከት ዶ?

### "ተደጋጋፊ ትካላት ሆቴል" (AHB) እንታይ እዩ?

ሓደ ትካል "ተደጋጋፊ ትካላት ሆቴል"(AHB) ዝብሃል እዚ ዓይነት ዝምድና ምስ ሓደ ሆቴል ምስ ዝህልዎ እዩ፥

**1.** እዚ ትካል ኩሉ ግዜ ምስ ሆቴል ኩንትራት ብምእታው ንኣጋይሽ ኣገልግሎታት የቕርብ

**2.** እዚ ትካል ኣብ'ቲ ሆቴል ቦታ ብምክራይ ንኣጋይሽ ኣገልግሎታት የቕርብ፡ ወይ

**3.** እዚ ትካል ኣብ ውሽጢ እቲ ሆቴል መእተዊ ሃልይዎ ንኣጋይሽን ንህዝብን መግብን መስተን የቕርብ

ዝሸፈኑ ኣገልግሎታት ክብሃል ከሎ ምስ'ቲ ሆቴል ብሙኚን ዝቐረቡ ናይ ሓጺር ግዜ መደቀሲ ምስ'ናይ መግቢ ወይ መስተ፡ መዘናግዒ፡ ናይ ኣኼባ ክፍልታትን ዋዕላታትን፡ ላውንድሪን መዐሸግን የጠቓልል።

ንዝያዳ ዝርዝር ብዛዕባ እትሰርሓሉ ዘሎኻ ትካል ተደጋጋፊ ትካላት ሆቴል (AHB) ምዃኑ ንምፍላጥ ብኽብረትካ ንመርበብ ሓበሬታ ናይ ቤ/ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ብጻሕ።

## SMC 14.26
## ምክልኻል ካብ መጥቃዕቲ

### ንሰራሕተኛታት ካብ መጥቃዕቲ ይከላኸል ወይ ብኣጋይሽ ዝግበር ግፍዒ

**እዚ ንመን ይምልከት?**

ብሰዓታት ዝዓዩ ሰራሕተኛታት ናይ ተደጋጋፊ ትካላት ሆቴል (AHB) ምስ ናይ 60 ን ልዕሊኡን ክፍልታት ናይ ዘለዎም ሆቴላት ብምዝማድ

**ሰራሕተኛታት እዚ መሰል ኣለዎም፡**

- ናይ ራዕዲ መጠወቒ (ብሆቴል ዝዳሎ)፡ እዚ ከኣ ኣብ'ቲ መደቀሲ ክፍሊ እናሰርሑ ወይ ናብ ናይ ጋሻ መደቀሲ ክፍሊ እናብጽሑ
- ናይ ኣጋይሽ ናይ መጥቃዕትን ግፍዕን ተግባር ንኣስራሒ ምሕባር
- ካብ ናይ ሆቴል ኣጋይሽ ዝወርድ ተግባር ናይ መጥቃዕትን ግፍዕን ክሕለው
- ኣብ ናይ ሓደ ጋሻ ክፍሊ ክሰርሑ ወይ ክብጽሑ ከይምደቡ እዚ ከኣ እንተዳኣ እዚ ጋሻ ብናይ መጥቃዕትን ግፍዕን ተግባር ተነኒርሉ እንተድኣ ኔሩ ኮይኑ።

**ካብ ዝተሰምዐ ናይ መጥቃዕትን ግፍዕን ተግባር ናይ ጋሻ ዝድሓነ ሰራሕተኛ እዚ መሰል ኣለዎም፥**

- ናብ ካልእ ዝመረጾ ናይ ስራሕ ቦታ ክምደብ
- ሰራሕተኛ ምስ ዝመረጾም ምስ ናይ ሕጊ ተግበርቲ ወይ ሓገዝ ዝገብረሉ ሰብ ንክዘራረብ ዝኽፈሎ ግዜ ክረክብ
- ዕድል ናብ ማእከል ምንጪ ሓበሬታ ብዛዕባ ወሲባዊ መጥቃዕቲ ናይ ኪንግ ካውንቲ (King County Sexual Assault Resource Center) ናይ ደገፍ ኣገልግሎታት፡ ጺጋታት፡ ከምኡ'ውን/ወይ ከኣ ምውካስ ደውል (24 ሰዓት መስመር)፡ 6423-998-888-1
- ኣብ ዝተመሓየሸ ሕጊ ናይ ዋሽንግተን 7.69.030 ሰፊሩ ዘሎ ምርካብ ጠበቓ ግዳይ ናይ ገበን

## SMC 14.28
## ምርካብ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት

### ንኣስራሕቲ ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢታት ክገብሩ ይጠልብ።

**እዚ ንመን ይምልከት?**

ብሰዓታት ዝዓዩ ሰራሕተኛታት ኮይኖም (50 (1 ወይ ልዕሊኡ ሰራሕተኛታት ኣብ ዘለዎ ኣብ ተደጋጋፊ ትካላት ሆቴል (AHB) ብሙኚን ምስ 100 ወይ ልዕሊኡ ናይ ኣጋይሽ ክፍልታት ዘለዎ ሆቴል ብምትሕብባር ይሰርሑ፡ ከምኡ'ውን (2) ብማእኸላይ ን 80 ሰዓታት ወይ ልዕሊኡ ኣብ ወርሒ ይዓዩ ። እዚ ንዝድሓኑ፡ ማናጀራት፡ ወይ ገለ ብዛዕባ ኣብ ናይ ምሕደራዊ ፖሊሲታት ናይ ዕዮ ዝምድናታት ኣብ ምውሳን ዝደጋገፉ ሰራሕተኛታት ኣይምልከትን።

**ሰራሕተኛታት እዚ መሰል ኣለዎም፥**

- ምርካብ ዝተማሓየሸ ዕድል ናይ ሕክምናዊ ክንክን ብመንገዲ ካብ ኣስራሒ ዝጥለቡ ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢታት
- ኣስራሕቲ እዚ ወጻኢታት ብመሰረት እዞም ዝስዕቡ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ክገብሩ ይኽእሉ፡
  (1) ናይ ተራ ኣታዊ ክፍሊታት
  (2) ብኣስራሒ ዝምወሉ መደባት ናይ ጥዕና መድሕን ክፍሊታት ከምኡ'ውን/ወይ
  (3) ናይ ግብሪ ሓገዝ ዘለዎም ናይ ጥዕና መደባት ክፍሊታት (ንኣብነት ወለድ ዘለዎ ናይ ጥዕና ኣካውንትታት)

| ምጠናታት† 2021 | |
|---|---|
| **ወርሓዊ ወጻኢ** | **ትሕዝቶ ስድራቤት** |
| 437 ዶላር | ሲንግል/ በይኑ ዝኾነ ሰራሕተኛ |
| 743 ዶላር | ሲንግል/በይኑ ዝኾነ ሰራሕተኛ ምስ'ቶም ኣብ'ኡ ዝምርኮሱ ሰባት |
| 874 ዶላር | ኣብ'ኡ ዝምርኮሱ ሰባት ዘይብሉ ኮይኑ መጻምዲ ወይ ካልኣ'ዩ ዘለዎ ሰራሕተኛ |
| 1,310 ዶላር | መጻምዲ ወይ ካልኣዩ ዘለዎ ሰራሕተኛ ምስ ኣብ'ኡ ዝምርኮሱ ሰባት |

†ምጠና ናይ ነፍሲ ወከፍ ካላንደር ናይ ዓመት ድሕሪ 30 ሰነ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ኣይግለጹን።

## SMC 14.29
## ስራሕ ምዕቃብ

### ድሕሪ ናይ ዋንነት ለውጢ ምኽያዱ ምዕቃብ ሰራሕተኛታት ይጥለብ።

**እዚ ንመን ይምልከት?**

ብሰዓታት ዝዓዩ ሰራሕተኛታት ኮይኖም (1) ምስ 50 ወይ ልዕሊኡ ሰራሕተኛታት ኣብ ዘለዎ ናይ ተደጋጋፊ ትካላት ሆቴል (AHB) እናሰርሑ ምስ ናይ 60 ን ልዕሊኡን ክፍልታት ናይ ዘለዎም ሆቴላት ብምትሕብባር ይዓዩ፡ ከምኡ'ውን (2) ብውሕዱ ን 30 መዓልትታት እቲ ትካል ናይ ተደጋጋፊ ትካላት ሆቴል (AHB) ቅድሚ ምሻጡ ኣብ'ቲ ናይ ተደጋጋፊ ትካላት ሆቴል (AHB) ምስ ዝሰርሑ። እዚ ንዝደሓኑ፡ ማናጀራት፡ ወይ ገለ ብዛዕባ ኣብ ናይ ምሕደራዊ ፖሊሲታት ናይ ዕዮ ዝምድናታት ኣብ ምውሳን ዝደጋገፉ ሰራሕተኛታት ኣይምልከትን።

**ሰራሕተኛታት እዚ መሰል ኣለዎም፥**

- እቲ ትካል ዋንነት ይልውጥ ከምዘሎ ኣስተውዕል
- ኣብ ናይ ዝመጽእ ዘሎ ኣስራሒ ብጽሑፍ ዝግበር ቀረብ ስራሕ (እዚ ቀረብ ኣብ ግድምና ይሙርከስ)
- ናይ ተስዓ መዓልትታት ስራሕ ምስ ሓድሽ ኣስራሒ፡ ንሰራሕተኛ ንምስጓግ ብቑዕ ምኽንያት እንተዘይሃልዩ ወይ ምጉዳል ሰራሕተኛታት ኣድላዪ ምስ ዘይከውን (ብግድምና ምጉዳል)
- ናይ ኣፈጻጽማ ስራሕ ገምጋም ኣብ 90 መዓልትታት

ንዝርዝር ትግባረ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሕጊ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ተመልከት።

## ናይ ሰራሕተኛ መሰልካ ፍለጥ

**ሕነ ምፍዳይ ክልኩል እዩ፡** እዞም ሕግታት ንሰራሕተኛታት ብመሰላቶም ብምሕጻሶም ወይ ብምጥቃዖም ካብ ሕነ ምፍዳይ ይከላኸሉሎም።

**ክሲ ናይ ምምስራት መሰል፡** ሰራሕተኛታት ምስ ቤ/ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ (OLS) ብሙኚን ጥርዓን ከቕርቡ ወይ ኣስራሒ ነዞም ሕግታት ምስ ዝጥሕስ ክሲ ክምስርቱ መሰል ኣለዎም።


**ተጸዋዓይ፡**
OFFICE OF LABOR STANDARDS

**ኣስራሕቲ**
ምቕሉል ሓገዝ ክረኽቡ ከምኡ'ውን/ወይ ስልጠና ክረኽቡ

**ሰራሕተኛታት**
ምስ ቤ/ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ (OLS) ብሙኚን ጥርዓን ከቕርቡ ወይ ኣብ ቤ/ፍርዲ ክሲ ክምስርቱ

**206-256-5297**
www.seattle.gov/laborstandards

810 THIRD AVE, SUITE 375 SEATTLE, WA 98104 | ሰዓታት 8 AM–5 PM (ሶኒ–ዓርቢ) | LABORSTANDARDS@SEATTLE.GOV